## <u>ወሳኒ ናይ ለውጢ ሓይሊ ዝኾነ መንእሰይ ወለዶን ደምበ ተቓውሞ ኤርትራን።</u>

### ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ሕታምና መንእሰይ ወለዶ ኣብ ትሕቲ ጸረ-ህዝቢ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ምስ ባህሪኡን ድሕረ ባይታ ናይ ኣመጻጽኣ ህዝባዊ ግንባርን ኣተሓሒዝና፡ እዚ ጀንዳ'ዚ ንጸቢብ ውልቃውን ጉጅላውን ረብሓኡ ክብል ንመንእሰይ ወለዶ ብወተሃደራዊ ስነ-ኣእምሮን ጥርናፌን ንዝወሃብዎ ቀጢን ትእዛዝ ጥራሕ ዝፍጽም ንነዊሕ ዓመታት ክሰርሓሉ ምጽናሑ ርኢና ምንባርና ዝዝከር'ዩ። ካብ'ዚ ሓሊፉ'ውን ኣብ ትሕቲ ብልሽው ምሕደራ ህግደፍ ብትምክሕትን ድሑር ሕብረተ-ሰብኣዊ ሕማማት፣ ብሓሶት፡ ስርቅን ምንዝርናን፣ ውልቃውነትን፣ ዝመሽመመሸ ባህሊ ክጽሎን፡ ኣብ ትሕቲ ምሕረቱ ወዲቑ፡ ነብሰ ምትእምማን ኣጥፊኡ፡ ብራዕዲ ተመሊኹ፡ ኣብ ዘዘዋፈሮ ርእሱ ኣድኒኑ ክሰርሕ ይግደድ ምንባሩ'ውን ገሊጽና ነይርና። ከም ናይ'ዚ ውጽኢት ከኣ'ዩ እቲ መንእሰይ ወለዶ ኣብ ከቢድ ማሕበራዊ ቁጠባውን ፖለቲካውን ቅልውላው ወዲቑ፡ ፍቕሪ ሃገራዊ ስምዒቱ ተጎዲኡ፡ ከም ናይ'ዚ ተቓውምኡ መግለጺ፡ ካብ'ዚ ሕሰም'ዚ ከምልጥ ክብል፡ ንስደት ይውሕዝ ምህላው'ውን ጠቒስና ነይርና። ካብ'ዚ ቀጺልና ካልኣይ ክፋልን ናይ መወዳእታን መዛዘሚ ጽሑፍ ናይ'ዚ ኣርእስትና'ዚ ንርአ።

እዚ መንእሰይ ወለዶ፡ ብኽንደይ መከራን ጸበባን እቲ ኩሉ ናይ ስደት ናይ ሞትን ህይወትን ሓደጋታት ሰጊሩ፡ ዕድለኛ ዝኾነ ካብኦም ብሰላም ክነብረሉ ኣብ ዝኽእል ቦታ በጺሑ፡ እፎይታ ምስ ረኸበን፡ ኣስተዋጽእኡ ኣብ ቃልሲ ክሳብ ክንደይ'ዩ? መሊኡ ሓሪኑ ከይቃለስ ዝገብርዎ'ኸ እንታይ'ዮም? ተራ ደምበ ተቓውሞ'ኸ ብኣወንታ ኮነ ብኣሉታ ዘዕርፈሉ ጽልዋ እንታይ'ዩ? ንዘጋጥምዎ ወድዓውን ባዕላውን ጸገማት ሰጊሩ፡ ንደሞክራስያዊ ተጋድሎና፡ ንቕድሚት ከወንጭፎ ዝኽእል፡ ታሪኻዊ ሓላፍነቱ ክዋጻእ እንታይ ክገብር'ዩ ዝህልዎ? ዝብሉ መበገሲ ሓሳብ ገይርና ግቡእ መልሲ ክንረኽበሎም የድሊ።

ኣብ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ፡ ዝተፈላለዩ ሰባት ካብ ዘለዎም ናይ ቃልሲ ባህግን ድሌትን ተላዒሎም እቲ ጭቡጥ ባዕላውን ወድዓውን ኩነታት፡ ናይ'ዚ ሕጂ ዘሎ መንእሰይ ወለዶ ብኹሉ ሸነኻቱ ብዕምቆት ከየገናዘቡ፡ ካብ ሕሉፍ ናይ መንእሰይ ናይ ቃልሲ ተመክሮኦም ጥራሕ ተበጊሶም፡ እዚ መንእሰይ ወለዶ'ዚ ኣብ ቃልሲ መሊኡ ዘይምስታፉ ወይ ዘይምኽታቱ፡ ከም ናቱ በዓል ቤታዊ ጸገም ገይሩ ብምውሳድ፡ ከም ሓሞቱ ዝፈሰሰ፣ ዝበተኸ፣ ተስፋ ዝቖረጸ፡ ውልቃዊ ማሕበራዊ ህይወቱ ክመርሕ ደኣምበር፡ ኣብ ቃልሲ ክሳተፍ ሓቦ ዘይብሉ፡ ሃገራዊ ስምዒቱ ዝሞተ ገይሩ ዝርኢ ኣተሓሳስባታት ህልዊ'ዩ። እዚ ሚዛን'ዚ ወድዓዊ ድዩ ወይስ ባዕላዊ ብልክዕ ምርኣይን እተን ኩለን ኣብ ላዕሊ ዝተላዕላ ሕቶታት፡ ብቕርጡው ዝበለ ኣገባብ ምምላስን ዝከኣል ይመስለና። ቅድሚ ናብ'ዚ ምእታውና ግን፡ እቲ ብዝተፈላለዩ ሰባት፡ ብተደጋጋሚ ኣብ ልዕሊ'ቲ መንእሰይ ኣብ ናይ ቃልሲ ሸዋሃቱ ዘለዎም ሚዛን ዘልዕልዎ ብዝምልከት ገለ ክንብል የድሊ። መጀመርያ ነቲ መንእሰይ ንኹሉ ብሓደ ጠሚርካ፡ ብዘይ ኣፈላላይ ኩሎም ኣብ ሓደ ሚዛን ምቕማጥ ትኽክል ኣይኮነን።

ካብ'ቲ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ዘወረደሎም ናይ ምዝመዛ ኣርዑትን ንሱ ዘስረጾ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ኣተሓሳስባታትን፤ ድሑር ዝመሽመሸ ባህልን ሃገራዊ ስምዒቶም ተጎዲኡ፡ ካብ ድቕድቕ ጸልማት፡ ናብ ንእሽቶ ጩራ ብርሃን ዝርእዩላ ዕድል፡ ንስደት ከምልጡ እንከለው ብርግጽ ብዙሓት ካብኣቶም፡ በቲ ንነዊሕ ዓመታት ብዘይካ ካብ ላዕሊ ዝወርደሎም ትእዛዝ ምፍጻም፡ ናይ ደሞክራሲ ጩራ ዘይረኣዩ፡ ብዘይካ ሓደ ገባሪ ሓዳጊ ብውልቀ ሰብ ዝምራሕ ውድብ፡ ናይ ሕብረ-ብሄራዊ ውድባት ህላወ ዘይርእይሉ፡ ገዛኢ ሕገ-መንግስቲ (ቅዋም) ዘይብሉ ጨፍጫፊ መላኺ ስርዓት ኣብ ዝተቖጻጸራ ሃገር ዝፈጥረሎም ጽልዋ፡ ቀሊል ከምዘይኮነ ምርዳእን እቲ ዘጋጠሞም ሽግር ምቕባልን የድሊ።

ኣብ'ቶም መንእሰያት እቲ ገዛኢ ኣረኣእያ እዚ ጽልዋ'ዚ ይኹን ደኣምበር፡ ውሑዳት መንእሰያት፡ ነዚ ሰጊሮም ኣብ'ቲ ሃገራዊ ቃልሲ፡ ክሳብ'ውን ኣብ'ተን ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘካይዳ ውድባት ከይተረፈ ሽው ንሽው ምስ መጹ ዝሰለፉ የለውን ማለት ኣይኮነን። ተሰሊፎም ሓርበኛዊ ጀግንነታዊ ተራኦም ይጻወቱ ኣለው'ዮም። ካብ'ዚ ሓሊፉ ከኣ፡ ኣብ'ተን ውድባት ኣብ መደበር ስደተኛታት ይኹን ኣብ ዝኸድዎ ርሑቕ ናይ ስደት ሃገራት ተራኦም ዝጻወቱ ዝተወደቡን ዘይተወደቡን መንእሰያት ህልዋት ኮይኖም፡ ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት፡ ኣኼባታት፣ ፈስቲቫላት፣ ሰላማዊ ሰልፍታት፣ ባህላውን ስነ-ጥበባውን ምንቅስቓሳት …ወዘተ እናተሳተፉ ዝነኣድ ተራኦም ክጻወቱ ጸኒሖምን ኣለውን'ዮም። ስለዚ፡ ንኹሉ መንእሰይ ብጃምላ፡ ሓሞቶም ዝፈሰሱ፣ ዝበተኹ፣ ተስፋ ዝቖረጹ፣ ብዘይካ ውልቃዊ ማሕበራዊ ህይወቶም፡ ካልእ ህዝባውን ሃገራውን ጉዳይ ዘይዓጥም'ዮም ምባል ትኽክል ኣይኮነን። እዚኦም ነቲ ኩሉ፡ ናይ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ኣተሓሳስባን ተግባርን ዝገደፈሎም በሰላ ብቃልሲ እናመከቱ፡ ኣካልን ኣምሳልን ናይቲ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለስ ዘሎ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ኮይኖም፡ እጃሞም ምውፋዮም ክተባባዕን ክምጎሱን ዘለዎም'ዮም።

እቲ ካልእ ዝበዝሐ መንእሰይ ስለምንታይ'ዩ ኣብ'ቲ ሰላም ዝረኸበሉ ቦታ ምስ በጽሐ፡ መነባብሮኡ ምስ ኣመዓራረየ ከም'ቶም ውሑዳት ብትብዓት ኣብ ቃልሲ ዝሳተፉ ዘለው መንእሰያት ኣሕዋቱን ኣሓቱን ኣብ ቃልሲ ዘይሳተፍ ዝብል ሕቶ'ውን መልሲ ዝደሊ'ዩ ዝመስለና። እዚ ብዘይካ'ቲ ኣቐዲምና ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ክፋል ጽሑፍና ዝጠቐስናዮ ማለት እዞም መንእሰያት እዚኦቶም፡ ብስርዓት ህግደፍ ንነዊሕ ዓመታት ጅሆ ተታሒዞም፡ ኣብ ቃልሲ ከይሳተፉ ዝፈጠረሎም ተጽዕኖ፡ ክሳብ'ውን ዝቐደሙ ወለዶም ነጻነት ንምምጻእ ዝገበርዎ ሓርበኛዊ ተጋድሎ ኣጣዒስዎም፡ ንወለዶም ክሳብ ዝራገሙሉ ደረጃ ጽልኣት ዘብጸሖም ንምልዋጦም ግዜን ቃልስን ዝጠልብ ምዃኑ ኣብ ጸብጻብ ምእታው የድሊ። ካልኣይ ንስደት ክመጹ እንከለው'ውን ኣብ'ቲ ናይ ለውጢ ሓይልታት ዝጸንሖም ትጽቢትን ተስፋን፡ ምስቲ ኣብ ባይታ ዝጸንሖም ጭቡጥ ኩነታት ቀልጢፎም ኣብ መሳርዑ ክጽንበሩ ኣይተባብዖን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ሽዑ ንሽዑ ሓሪኖም ንኽይቃለሱ ናይ ገዛእ ርእሱ ኣሉታዊ ጽልዋን ተጽዕኖን ዝፈጥር ምዃኑ ኣብ ግምት ምእታው የድሊ።

ገለ ካብኣቶም ንምጥቃስ ዝኣክል፡-

1. ተመሳሳሊ እምነት ዘለዎም ብዝሒ ህላወ ናይ ሕብረ-ብሄራዊ ውድባት፡ ምስ'ቲ ህላወ ሕብረ-ብሄራዊ ውድባት ኣብ ዘይብላን ክህልዋ ዘይተፈቕደላን ሃገር ምንባሮም ማለት ብእንኮ ጨቋኚ ሰልፊ ትመሓደር ኤርትራ ዝጸንሖም ተመክሮ፡ ዝፈጥረሎም ምድንጋርን ስንባደን ኣገራሞትን ቀልጢፎም ኣብ መስርዕ ቃልሲ ክጽንበሩ ኣይተባብዖን።
2. እቶም ውድባት'ውን ዋላ ብዝሒ ይሃልዎም ብዘይገድስ ኣብ ክሊ ሓደ ሃገራዊ ግንባር ተጠርኒፎም ክቃለሱ ዘይምብቃዖም ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ተኻኣኢሎምን ተኸባቢሮምን ኩሉ ዓቕምታቶም ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ዘቕነዐ ኣብ ክንዲ ዝኸውን፡ ነንሕድሕድካ ምቁንጻብ፡ ምንእኣስን፡ ምንጽጻግ፡ ምትሕምማይን ቐጻሊ ምፍንጫላትን ክርኢ እንከሎ፡ ዝፈጥረሉ ኣሉታዊ ተጽዕኖ ቀሊል ኣይኮነን።
3. ናብ ስደት ብብዝሒ ምስ ወሓዙ ንምልዋጦምን ምውዳቦምን ዝሕግዝ ስሩዕ ዝኾነ ሰፊሕ ናይ ፕሮፖጋንዳውን ምንቕቓሕን ወፍሪ፡ ከም'ቲ ዝድለ ብተኸታታሊ ዘይግበር ምዃኑ ዘለዎ ጸገማት፣
4. እቲ ሃገራዊ ሓይልታት ንገዛእ ርእሱ ገና ኣብ ሕቶ ፖለቲካዊ ደሞክራሲ፡ ኣብ ውሽጢ ውድቡ ይኹን ምስ ካልኦት ኣብ ምዝውታርን ምስራጽን መሊኡ ዘይበቕዐ ምዃኑ፡ ካብ ትምክሕትን ጽበትን ዘይተላቐቐ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ካብ ጸቢብ ውልቃውን ጉጅላውን ረብሓታት፡ ብወገን ብኣውራጃ፣ ብሃይማኖት፣ ብጠቕማ-ጠቕሚ ድሑር ሕብረተ-ሰብኣዊ ሕማማት እናመዝመዙ ክጥቀሙ ዝደልዩ ሸነኻት፡ ብውሽጠ ውሽጢ ጎስጓሳት ዘካይዱ ዝገደፈሉ ኣሉታዊ ኣሰራት በተኣሓሳስባ ክቕየር ኣይሕግዞን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንባዕሉ ኣብ'ዚ ናይ ድሕረት ታኼላ ጥሒሉ፡ ቅኑዕ ኣተሓሳስባ ከይቅበልን ከይሰርጾን እዩ ዝገብሮ።
5. ኣብ ገለ ገሊኡ ሓሓሊፉ እቲ ጀብሃን ሻዕቢያን ዝብል ኣተሓሳስባታት ዋላ'ኳ እቲ ድሕረ ባይታ ናይ ኣመላምላን ኣተሓሕዛን ናይ'ቶም ኣብ መስርሕ ብረታዊ ተጋድሎ ዝነበሩ ውድባት ነናቱ ተመክሮን ባህልን ዘማዕበለ ይኹን ደኣምበር፡ ኣብዚ ሕጂ ጸረ-ዘቤታዊ መግዛእቲ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ፡ ኣብ'ዚ ተመርኲስካ ዝግበር ምትጅጃል፡ መትከልን ዕላማን ማእከሉ ዘይገበረ፡ ነዚ ብንቕሓት ኣብ ምስጋር ዓቲቡ ከይቃለስ ዝገብሮ ምዃኑ፣
6. እቲ ዝርካቡ መንእሰይ ወለዱ ኣብ ፖለቲካዊ ውድባት ዝሳተፍ ብቑጽሪ ውሑድ ይኹን ደኣምበር፡ እናተባባዕካን እናኾስኮስካን ብሓሳብን ብግብርን ተሃኒጹ ነቲ ዝሕሸ ሸንኹ ኣብ ጽፍሒ ሓላፍነት ኣደይብካ ክተኻኽእን ክስከምን ኣብ ምግባር ዘሎ ድኽመታት ናቱ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘዕርፍ ምዃኑ፣
7. ደምበ ተቓውሞ ብወሳንነት ምንቅስቓሳቱ ኣብ ስደት ምዃኑ ገና ኣብ ውሽጢ ሃገር መሊኡ ዘይተሰጋገረን ስትራተጂካዊ ኣመራርሓ ንምሃብ ዘይበቐዐን ምህላው፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ወጻኢ ዝርከብ መንእሰይ መሊኡ ከይስሕቦን ከይማርኾን ካብ ዝገብርዎ ሓደ ድኹም ጎኒ ናይ ቃልስና ምዃኑ፣
8. ሓደ ካብ'ቲ ቀንዲ ምኽንያት ንሰውራ ኤርትራ መሊኡ ክዕወት ካብ ዘይገበሮ ረቛሒ መሪሕ ደሞክራስያዊ ውድብ ዘይምርካቡ ድሒሩ ኣብ ደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ከኣ፡ መሊኡ ኣብ ዘይጎልበተሉን ልዕልናኡ ኣብ ዘየረጋገጸሉን ታሪኻዊ መድረኽ፡ ኣብ'ቲ መንእሰይ ወለዶ ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ምስራጽ ዘሎ ድኽመታት፣
9. ምስ'ዚ ሕጂ ተበጺሑ ዘሎ ዓለማውነት ናይ ግሎባላይዜሽን ኣተሃላልዋ ብኣወንታ ይኹን ብኣሉታ ጽልዋታቶም ዘዕርፉ ብዝሒ ናይ መራኸቢ ብዙሓን ምህላዎም ብመንጽር'ዚ ስምዒታቶምን ትርግታ ልቦምን ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡ ናይ ምብርባርም ጥበብ፡ ቅልጡፍን ተዓጻጻፍን ክኸውን ኣብ ምግባር ዘሎ ጸገማት ዝፈጥረሎም ጽልዋታት፣
10. እቲ ሕጂ ዘሎ ወድዓዊ ኩነታት ናይ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ምስ'ቲ ሕሉፍ ተመክሮ ብረታዊ ቃልሲ ኣገናዚብካ ክረአ እንከሎ፡ ገና ኣብ ዝሐሸ ኩሉ ሸነኻዊ ደገፋት ክረኽበሉ ኣብ ዝኽእል ደረጃ ቃልሲ ዘይበጽሐ ምህላው ዝህልዎ ጽልዋታት፣
11. እቲ ናይ ጸላኢ መናፍሓት ኣብ ኢትዮጵያ ኮይንካ ምቅላስ፡ ከም ሃገራዊ ክድዓት ገይሩ ዘቕርቦ ሽርሒታትብቐጻሊ ኣብ ምቅላዕ ዘሎ ሕጽረታት ኣብ ገለ ገለ ናቱ ኣሉታዊ ጽልዋታት ዘዕርፍ ምዃኑ፣
12. እዚ በዓል ቤታዊ ጸገማት ናይ ደምበ ተቓውሞ'ዚ፡ ምስ ካለኦት ወድዓዊ ጸገማት ተደማሚሮም ኣብ'ቲ መንእሰይ ዘዕርፎ ኣሉታዊ ጽልዋታት ኣቃሊልካ ዘይረአ ምዃኑ፣

እዚ ገለ ካብ'ቲ ነቲ መንእሰይ ወለዶ፡ መሊኡ ከቲቱ ከይቃለስ ካብ ዝፈጥርሉ ኣሉታዊ ጽልዋታት፡ ይኹን ዳኣምበር ብሸነኽ እቲ መንእሰይ ወለዶ ዝረኣዩ ናይ ገዛእ ርእሱ በዓል ቤታዊ ድኽመታት'ውን ካበይ ይምንጭው ምርኣዮም ኣገዳሲ'ዩ።

ሀ. መንእሰይ ንባዕሉ ብተፈጥሮኡ ውዑይን ተበላሓትን ባህሪ ዘለዎ ምዃኑ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ብዙሓት ናይ ትምህርትን ምርምርን ዓቕሚ ዘለዎም ክንሶም ባዕሎም ተበግሶ ወሲዶም ይሓይሽ የዋጽእ'ዩ ኢሎም ዝርእይዎ ቅኑዕ መስመር /ዕላማ/ ኣለልዮም ክቃለሱ ኣብ ክንዲ ዝፍትኑ፡ ብዙሓት ብዝተፈላለየ ድሑር ዝንባሌታት ተጸልዮም ብዙሕ ርሕቀት ክወስዶም ኣብ ዘይክእል ምትእኽኻባት ክውዳደቡን ወይ ፈጺሞም ተስፋ ቆሪጾም ከይተወደቡ ካብ ቃልሲ ዝበኹሩ ውሑዳት ኣይኮኑን።

ለ. ብርክት ዝበሉ መንእሰያት ናይ ትምህርቲ ዓቕምን ናይ ምርምር ብቕዓትን ዘለዎም እናኾኑ ሕሉፍ ተሞክሮ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ሰውራ ኤርትራ ምስ'ቲ ኩሉ ዝነበሮ ሃገራዊ ፍቅርን ውፉይ ሓርበኛዊ ተጋድሎኡን ንምንታይ ሰውርኡ መሊኡ ኣይተዓወተን? ድሕሩ ከኣ ሽግራት ናይ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ፡ እቲ መንእሰይ ከም'ቲ ዝድለ መሊኡ ክስለፍ ዘይምኽኣሉን እንታይ'ዮም እቶም ጸገማት? ኣብዚ ጉዳያት'ዚ ባዕሉ ተበግሶ ወሲዱ ኣብ ምጽናዕን ተርኡ ኣብ ቃልሲ ከምቲ ዝግባእ ከበርክት ዘይምኽኣሉን ሓደ ካብ በዓል ቤታዊ ጸገማቱ'ዩ።

ሐ. ግዝያዊ ውልቃውን ጉጅላውን ረብሓታት ክትምእርር ክትብል፡ ብሓደ ሸነኽ ውድባት በዚሐን እናበልካ፡ ብካልእ ሸነኽ ከኣ ብበለጽ ብስም መንእሰያት እናሸቀጥካ፡ ክንዲ ኣብ'ቲ ዝቐደመ ውድባት ኣጽኒዕካ  ኣብ ዝዓገብካሉ ምቅላስ፡ ናይ ገዛእ ርእስኻ ናይ መንእሰያት ውድብ ገይርካ፡ ነቲ ዝጸንሐ ውድባትን ግንባራትን እናነኣኣስካ ዝኣረጉ'ዮም፣ ዝኣረገ ኣተሓሳስባ ዘለዎም'ዮም፣ ስልጣን ኣይህቡን'ዮም …ወዘተ ዝብል ንነብሶም ናይ ለውጥን ሓድሽ ዝማዕበለ ኣተሓሳስባን ዝወነኑ ገይሮም ብምርኣይ ብተደጋጋሚ፡ ኣብ ረግረግ ዓዘቕቲ ናይ ፖለቲካዊ ድሕረትን ምፍንጫላትን  ምትህርራማትን ዝናቖቱን፣ ነቲ ሕሉፍ ኣሉታዊ ተመክሮ ናይ ሰውራ ኤርትራን ውድባትን  ብተመሳሳሊ መልክዑ ዝደግሙን፣ ነቲ ቃልሲ ዘዳኽሙን ውሑዳት ዘይኮኑ መንእሰያት ምህላዎም፣

መ. ገለ ገለ'ውን ካብ'ቲ ጨቋኒ ስርዓት ብኸንደይ ጸበባ ኣምሊጦም፡ ንስደት ድሕሪ ምምራሖም፡ ኣብ'ቲ ዝተሰድሉ ሃገር ንመንበሪ ዝሕግዞም ሰነዳት ካብ ተቓወምቲ ውድባት ደገፍ ድሕሪ ምርካቦም፡ ሽዑ ንሽዑ ካብ'ቲ ቃልሲ ይርሕቑ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ከም ሽንቲ ገመል ንድሕሪት ተመሊሶም፡ ኣብ'ቲ ጠንጢነሞ ዝመጹ ጸረ-ህዝቢ ጨፍጫፊ ስርዓት ኣትዮም፡ ናቱ መጋበርያ ኮይኖም ኣብ ፈቐዶ ኤምባሲታቱ ከይሓነኹ ከውደድኹ ዝርከቡን ነቲ ቃልሲ ዝሃስዩን'ውን ኣለዉ እዮም።

ሰ. ብዛዕባ ሕቶ መሪሕነት ብዝምልከት፡ ኣብ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ሓላፍነት ምስካም፡ ነቲ ብቕንዕና ክትመርሖ እምነት ዘንበረልካ ሓፋሽ ህዝቢ ከተገልግል ደኣምበር፡ ንሱ ክገልግለካ ወይ ዓሽከርካ ክኸውን ኣይኮነን። ኣብ ገድሊ ከኣ፡ እትረኽቦ ደሞዝን ካልእ ውልቃዊ ጠቕምታትን ብመትከልን ኣሰራርሓን ኣይህሉን። ዋላ'ኳ ከከም ባህሪ ኣከናውና ናይ'ቲ ውድባትን ደረጃ ኣጠቓቕማ ማሕበራውን ቁጠባውን ኣከፋፍላ ትሕዝቶታቱን ደረት ሓላፍነታቱን ኣብ ኣሰራርሕኡ ምቁጽጻር ዝህልዎ ጸገማትን ዝፈላለን በብደረጃኡ ናቱ ጽልዋታት ዘለዎ'ኳ እንተኾነ፣ ካልኣይ ምዕቡል ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ብጥሪኡ ዕድመ ብምዕባይ ወይ ብምንኣስ ዝምዘን ኣይኮነን። ብርግጽ ዕድመ ናቱ ተራን ደረትን ዘለዎ'ኳ እንተኾነ ብዙሓት ምኩራት ተቓለስቲ ብዕድመ ዝደፍኡ ክንሶም፡ በተሓሳስባ ግን ካብ ብዙሓት መንእሰያት ዝሕሸ ምዕቡል ኣተሓሳስባ ዘለዎም ኣለው'ዮም።

ስለዚ ምዕቡል ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ብዕድመ ጥራሕ ምምዛኑ ትኽክል ኣይከውንን። ከም'ዚ ዝበለ ኣተሓሳስባን ካለኦት ምኽንያታትን ዘንቀሎ ከኣ'ዩ  ነቲ መንእሰይ ንበይኑ ካብ ኣከናውና ፖለቲካዊ ውድባት ዝተፈልየ ናይ መእሰያት፡ ፖለቲካዊ ውድብ ክህልዎ ኣለዎ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣብ ውሑዳት ዘይኮኑ መንእሰያት ከንጸባርቕ ዝረአን ኣብ ተግባር ንምውዓሉ ዝፈታተንን።  ሳልሳይ ሕቶ መሪሕነት ዝምለስ ኣብ ቃልሲ ተፈቲኑ ብቓልሲ ሓፋሽ እምነት ተነቢርሉካ ትርከቦ ደኣምበር ከም ህያብ ዝምጠ ኣይኮነን።
እሞ'ሽ እቲ ባዕላውን ውድዓውን ኩነታት ናይ መንእሰይናን ናይ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራን እዚ እንካብ ኮነ፡ መንእሰያትና ነዚ ጸገማት'ዚ ሰጊሮም፡ ንደሞክራስያዊ ተጋድሎ ህዝብና፡ ንቕድሚት ከወንጭፍዎ ዝኽእልሉ ታሪኻዊ ሓላፍነቶም ክዋጽኡ፡ ካብ ደምበ ተቓውሞን እቲ መንእሰይን እንታይ ክግበር ኣለዎ፡-

ብሸነኽ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ብሓፈሻ ፖለቲካዊ ሓይልታት ካኣ ብፍላይ፡ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ድኹማት ጎኒታቱ ኣብ ምፍዋስ ክረባረብን ነቲ መንእሰይ ጥጡሕ ናይ ቃልሲ ባይታ ክምድምደሉን ምእንቲ፣

1. ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ሓይልታት ብፍላይ ከኣ ኣብ ክሊ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዘለው ውድባት፡ ፍልልያቶም ብስልጡን ናይ ልዝብ መኣዲ ከመሓድሩን ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ብሓባር ክረባረቡን ሓባራዊ ኣመራርሓ ብምሃብ፡ እቲ ዝበዝሐ ህዝቢ ይኹን እቲ መንእሰይ ተሳትፎኡ ከዕዝዝ ጥጡሕ ባይታ ኣብ ምፍጣር ክረባረቡ።
2. ካብ መትከላዊ እምነታት ወጻኢ፡ ንግዝያዊ ረብሓታት ኢልካ ዝግበሩ ሓድነታት እቲ ናይ ሓድነት ስምምዕ ቀለሙ ከይነቐጸ ዘጋጥም ምፍንጫላትን ዘይቅኑዓት  ኣካይዳታት ክውገዱ ቃልሲ ምክያድ። ኣብ'ዚ ሕቶ ሓድነት ካብ ሕቶ ፖለቲካዊ ደሞክራሲ ነጻጺልካ ዘይምራኣይ፣

3. ብቕሉዕ ይኹን ብስቱር ዝካየድ ሕድሕድ ተጻብኦታት (ጸለማታት) ጠጠው ክብል ምግባር። ካብ ድሑር ናይ ትምክሕትን ጽበትን ኣተሓሳስባታትን ድሑር ሕብረተ-ሰብኣዊ ሕማማትን ክናገፍ ጻዕርታት ምክያድ፣
4. ተመሳሳሊ እምነት ዘለዎም ውድባት፡ ዘይመሰረታዊ ፍልልያቶም ብቐጻሊ ልዝባት ኣጻቢቦም ናብ ሓደ ክመጽኡ ጻዕሪ ምክያድ፣
5. ኣብ ክሊ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ሓቢሮም ዝቃለሱ ሓይልታት ናይ ወቓዒ ሓይሊ ተራ ክጻወቱ ምእንቲ ነፍስ ወከፎም ኣብቲ ዝተሰማምዕሉ ሓባራዊ ስራሕ ናይቲ ግንባር ውፉያት (ኮሚትድ) ኮይኖም ክሰርሑ፡ ዘይሰርሕ ከኣ ዘድሊ ስጉምቲ ክውሰደሉ ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ምብጻሕ፣
6. ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ካብ ጐረባብቲ ሃገራትን ዞባውን ኣህጉራውን መንግስታትን ዝሓሸ ደገፉት ክረክብ፡ ብዝተርጠነፈ ብሓደ መርሆን ድምጽን ክዛረብን ክንቀሳቐስን ምግባር፣
7. ናብ ሰፊሕ ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ናብ'ቲ መንእሰይ ወለዶ ዘቕነዐ፡ ብኹሉ ናይ ቃልሲ መራኸቢ ብዙሓን ጽዑቕ ሓባራዊ ናይ ፕሮፖጋንዳ ወፍሪ ምክያድን ዝተወደበ ሓባራዊ መልእኽቲ ምምሕልላፍን።
8. ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ማእከል ናይ ውዳቤታቱን ምንቅስቓሳቱን ብቐንዱ ኣብ ውሽጢ ሃገር ክኸውን ጻዕርታቱ ክብ ከብል ..ወዘተ ምቕላስ።

እዚ ብቐንዱ በቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት ክግበር ዘለዎ ኮይኑ፡ ብሸነኽ እቲ መንእሰይ'ከ እንታይ ክግበር ኣለዎ ቀጺልና ንርአ፡-

1. መንእሰይ ነቲ ሕሉፍ ተመክሮ ናይ ሰውራ ኤርትራ ይኹን ናይ ሕጂ ናይ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ካብ ኣወንታውን ኣሉታውን ጎኑ ትምህርቲ ቀሲሙ፡ ብዝማዕበለ ኣተሓሳስባን ተግባርን ክብገስ መጽናዕቲ ብምክያድን ንቑሕ ተሳትፎኡ ክዓዝዝ ክቃለስ ኣለዎ።
2. ካብ ትምክሕትን ጽበትን ድሑር ሕብረተ-ሰብኣዊ ሕማማትን በለጽን ዝተናገፈ፡ ብስነ-ምግባርን ስነ-ዜጋን ዝተሃንጸ መሪሕ ተራኡ ዝጻወት ደሞክራስያዊ መንእሰይ ክኸውን ምእንቲ ንገዛእ ነብሱ ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባኡ ከዕቢ ጻዕሩ ክብ ክብል ምግባር፣
3. ነፍስ ወከፍ ኣብ ዝኣምነሉ ውድብ ክውደብ መሰሉ'ኳ እንተኾነ ንኹሎም መንእሰያት ዝጥርንፍ ሓደ ሓባራዊ ናይ መንእሰያት ማሕበር ኣብ ክሊ ዝተሓተ ናይ ሓባር ዕላማ ዝተኣኻኸበሉ ከረጋግጽ ምቹእ ባይታ ምፍጣር፣
4. ነቲ ካብ'ቲ ስርዓት ኣምሊጡ ዝስደድ ዘሎ መንእሰይ ንግዝያዊ ውልቃዊ ረብሓታትን ጠቕሚታትን ክረክብ ክብል፡ ተመሊሱ ናብ'ቲ ጠንጢንዎ ዝመጽአ ስርዓት ኢዱ ዝህብ ክግታእ ኣጥቢቕካ ብምጽራር ቃልሲ ምክያድ፣
5. ናይ መንእሰይ ማሕበር ምስ ቆመ ምስ'ቲ ድሮ ተወዲቡ ዘሎ ሰፋሕቲ ሃገራዊ ግንባራት ተኣሳሲሩን ተወሃሂዱን ክሰርሕ ጻዕሪ ምክያድ፣

ካብ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ ወግዓዊት ልሳን ደ. ግ. ሓ. ኤ. መጋቢት 2017 ቁ 16 ዝተወስደ።
ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 12-04-2017